الحركة الشعبية الإرترية
ኤርትራዊ ህዝባዊ ምንቅስቓስ
Eritrean People's Movement

# ዕዉት ሰለማዊ ሰልፊ ኣብ ከተማ ሎንዶን

ብቀዳም ዕለት 26 ግንቦት 2007 ዓ.ም ብኣባላት ኤርትራዊ ህዝባዊ ምንቅስቓስ ጨንፈር ዓባይ-ብሪጣንያ ዝተዳለወ ሰለማዊ ሰልፊ ብዓወት ተዛዚሙ።

ኣብዚ ዝተጠቐሰ ዕለት ስርዓት ህግደፍ ከም ኣመሉ ንበዓል ናጽነት ኤርትራ ከም ቀንዲ ምንጪ ኣታዊታቱ ብምውሳድ ዘዳለዎ ዳንኬራን ሆይሆይታን ብምንባሩ ተባዓት ኣባላት ኤርትራዊ ህዝባዊ ምንቅስቓስ ጨንፈር ዓባይ-ብሪጣንያ ኣብ ቀጽሪ'ቲ ኣዳራሽ TROXY 490 COMMERCIAL RAOD, LONDON. E1 OHX ተረኺቦም ኣርማ ምንቅስቓሶም ዝተሳእሎን "ዓወት ወይ ሞት" ጭርሖ ውድቦም ዝተጻሕፎን ማልያታት ተኸዲኖም ነቲ ጽንብል በዓል ናጽነት ከብዕል ንዝመጸ ህዝቢ ብኸምዚ ዝስዕብ መልእኽቶም ኣማሓላሊፎሙሎም፥-

ናጽነት ብዘይ ሓርነት ባርነት ኢዩ።

ጓይላ ምስ ህግደፍ ጥልመት ንስዋኣት'ዩ።

ኣብ ግዜ ወፍሪ ባርነት
ሓርነት ዘበት።

ወፍሪ ዋርሳይ ይክኣሎ ወፍሪ ባርነት'ዩ።

ግፍዕን ማእሰርትን ወለዲ ገበን'ዩ።

ማእሰርትን ባርነትን መንእሰያት ንሃገር ጥፍኣት ኢዩ።

24 ግንቦት ንዘልኣልም ክትከብሪ ኢኺ።

ምእንቲ ፍትሒ ውሑዳት ይቃለሱ ብዙሓት ድማ ይረብሑ።

## ፍትሕን ሰላምን ዲሞክራሲን ንምርግጋጽ ቃልስና ቀጻሊ'ዩ።

ዝብሉን ካልእን እዮም ነይሮም፡፡ እዚ ካብ ሰዓት 09፡00 ናይ ምሸት ዝጀመረ ሰለማዊ ሰልፊ ክሳብ ሰዓት 12፡00 ፍርቂ ለይቲ ቀጺሉ ብሰላም ተዛዚሙ። ኣብዚ ከይተጠቕሰ ክሕለፍ ዘይግብኦ ብዙሓት ካብቶም ናብቲ ብዓል ክሳተፉ ዝመጹ ኣጆኹም ኣብ ጎንኹም ኣለና እናበሉ ኣድናቖቶም ይገልጹ ምንባሮም'ዩ። ብኡ መጠን ክኣ ሓደ ዕሉል ወይጦ ህግደፍ'ውን ክጻረፍን ከዕገርግርን ፈቲኑ እኳ እንተነበረ፡ በቶም ኣብኡ ዝነበሩ ኣኽበርቲ ጸጥታ መጠንቀቕታ ሂቦም ኣዕጊሶሞ። እዚ ዝተጠቕሰ ባእታ ቅድሚ ሕጂ'ውን ኣብ ዝተፈላለየ ግዜ ከምኡ ዓይነት ባህርያት ከም ዝነበሮ ይፍለጥ፡፡

እዚ ናይ ሎሚ ዓመት ሰለማዊ ሰልፊ ካብ ዝሓለፉ ዓመታት ኣዝዩ ፍሉይ ዝገብሮ ነገር እንተነይሩ ምውህሃድ ናይ ኣባላት ምስቲ ተኸዲኖሞ ዝነበሩ ስምን ኣርማን ውድቦምን ከምኡ'ውን ካብ ረድዮ ድምጺ መሰልና ደሊና ዝተቐድሐ ኣብ ዝተፈላለየ እዋናት ንመዓልቲ ናጽነት ዝምልከት ዝተፈነወ መደብን ካልእ ኣገዳሲ መልእኽትታትን ምስ'ቲ ብውሕሉል ኣናብባኡን ትሕዝትኡን ንተሳተፍቲ እቲ ሰለማዊ-ሰልፊ ዓቢ ሞራል ዝህብ፡ ንተሳተፍቲ እቲ ጓይላን ዳንኬራን ድማ ሓሳባቶም ከፋፊልዎ ምምሳዩ እዩ፡፡ በዚ ኣጋጣሚ ድማ ንድምጺ መሰልና ደሊናን ኣዝማሪኖን ስለ'ቲ ዘይሕለል ጻዕሮምን ቁምነገር ዘለዎ መልእኽቶምን ከይኣመስገንናዮምን ኣድንቖትና ከይገለጽናን ክንሓልፍ ኣይንደልን፡፡ ብተወሳኺ ብዙሓት ናብቲ ጓይላ ህግደፍ ክሳተፉ ዝመጹ'ውን ደገፎምን ኣድናቖቶምን ኣብ ርእሲ ምግላጾም፡ ዳስ ህግደፍ ከም ትምኒቶም ማማቑሎምን ዓሚርሎምን ከምዘይ ሓደረ ክገልጹ ኪኢሎም፡፡ ብኡ መጠን ክኣ ዝብዝሑ ስሚዒታቶም ተተንኪፎም ኣብ ክልተ ተመቒሎም ከምዘምሰዩ'ውን ተረጋጊጹ ኣሎ፡፡ ኣብዚ ዝተጠቕሰ ምሸት ብዘይካ ኣዴታትን ህጻውንትን መንእሰያት ክኣትው ብዘይምርኣይና እንታዩ እቲ ምኽንያት ኢልና እንተሓተትና ድሒርና ዝረኸብናዮ ሓበሬታ ከም ዘረጋግጾ ብዙሓት መንእሰያት ካብ ህግደፍ ኣብ ዘዳለውዎ ንኣቱ ብምባል ባዕሎም ንባዕሎም ብምውድዳብ ኣብ ዝተፈላለየ ሬስቶራንተታት ንባዓል ናጽነት ከም ዘብዓልዎ ኣረጋጊጽና'ሎና። ስለዚ እቲ ንቕሓት መንእሰያትና እናዓበየን ብመንጽሩ ክኣ ህግደፍ ካብ ህዝቢ እናተነጸለን ይመጽእ ምህላው ካብዚ ዝዓቢ መረጋገጺ የልቦን።

ኣብ መደምደምታ ተባዓት ኣባላት ኤርትራዊ ህዝባዊ ምንቅስቓስ ጨንፈር ዓባይ-ብሪጣንያ ምስቲ ራሕቂ ቦታን ዝነበረ ኩነታት ሕማቕ ኣየርን ዒፍዒፍታ ማይን ተጻዊሮም ኣብ ክንዲ እቲ ውጹዕ ህዝቦም ልሳን ኮይኖም ሽግሩ ክጸውዩ ብተወፋይነት ንዝተበገስሉ ዕላማ ኣብ ሸትኡ ኣብጺሖም ብሰላም ነናብ በትኦም ተመሊሶም፡፡

ዓወት ንደሞክራሲያዊ ቃልሲ!
ክብርን ዝኽርን ንሰማእታት!
ዓወት ወይ ሞት!

ኤርትራዊ ህዝባዊ ምንቅስቓስ
ጨንፈር ዓባይ-ብሪጣንያ
28 መጋቢት 2007